# እንስሳ ዘቤት

**እንስሳ ገዛ ዝውንን(ዝሕዝ) ዝኾነ ሰብ ዝተፈላለየ ሕግታት ክኽተል(ክሕሉ) ኣለዎ። ንኣብነት ገለ ዓይነት እንስሳታት ኣብ ኩሉ ኣባይቲ(ገዛ) ክተሓዙ ኣይክእሉን። ወነንቲ ኣኽላባት ግብሪ ከልቢ ክኸፍሉ ኣለዎም።**

## ምውናን እንስሳ ዘቤት

ኣብ ክራይ ገዛ(ኣባይቲ) ትነብር እንተ ደኣ ኴንካ ንኣሽቱ እንስሳታት ከም ሓሰማታት፡ ሃምስተርስ(ኣንጭዋ መሰል እንስሳ) ፡ ካናሪ ዑፍ ወይ ዓሳ ዝኣመሰሉ ንኣሽቱ እንስሳታት ክትሕዝ ትኽእል ኢኻ። ይኹን እምበር እንስሳታት (እንተላይ ድሙ ወይ ንኣሽቱ ኣኽላባት) ከይትሕዙ (ከይትውንኑ) ኣብቲ ክራይ ውዕል ኽልከል ይኽእል እዩ። ኣካራዪ ነቶም ድምጺ ዝገብሩ (ዝውጭጩ) ወይ ሓደገኛታት እንስሳታት'ውን ክኽልክሎም ይኽእል እዩ። ብተወሳኺ ወነንቲ እንስሳታት ሕግታት ድሕንነት እንስሳታት ከኽብሩ ኣለዎም። ንገለ እንስሳታት(ንኣብነት ማንቲለ) ንበይነን ኣይትሕዞምን ትኸውን። ከምኡውን ግዝፍን ናውትን(ትሕዝቶን) ጋብያ(ሰፈር) እውን እንተኾነ ዝወሓደ ብቕዓታት ከማልእ ኣለዎ ። ብዙሓት እንስሳታት ( ናይ ወጻኢ እንስሳታት) ናብ ስዊዘርላንድ ክኣትዉ ፈጺሙ ኣይፍቀደሎምን እዩ። ንገለ ከኣ ካብ ቤት ጽሕፈት ሓኪም እንስሳ ፍሉይ ፍቓድ የድልዮም።

## ከልቢ

ኣብ ካንቶን በርን ፍሉይ ሕጊ ኣኽላባት ኣሎ። እቲ ሕጊ ግዴታታት ወነንቲ ኣኽላባት ዝገልጽ እዩ። ሓኪም እንስሳ ተወሳኺ ሓበሬታ ክህብ ይኽእል እዩ ።

- ኩሎም ኣብ ስዊዘርላንድ ዝርከቡ ኣኽላባት ናይ ማይክሮቺፕ ምልክት ክገብሩን ኣብ ናይ ኣሚኩስ ዳታ ባንክ (Datenbank AMICUS) ሓበሬታ ክምዝገቡን ኣለዎም ። እቲ ከልቢ ፓስፖርት እንስሳታት ይወሃቦ ምስዚ እንስሳ እዚ ናብ ሃገራት ሕብረት ኣውሮጳ ክትከይድ እንተ ደሊኻ ኸኣ የድልየካ።
- ኣኽላባት ኣብ ትነብርሉ ምምሕዳር ከተማ(ከባቢ) ክምዝገቡ ኣለዎም ። ንነፍሲ ወከፍ ከልቢ ዓመታዊ ግብሪ ከልቢ ክትከፍል ኣሎካ። ብተወሳኺውን ናይ ሓላፍነት መድሕን ንኹሎም ወነንቲ ኣኽላባት ግዴታ ኣለዎ።
- ኩሎም ወነንቲ ኣኽላባት ነቲ ናይ ከልቦም ቀልቀል ኣልዒሎም ብግቡእ ክጉሕፍዎ ኣለዎም ። እቶም ከምኡ ዘይገብሩ መቕጻዕቲ ክወርዶም ይኽእል እዩ ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/good-to-know/pets